13 ግንቦት 2010

# ዘሐጉስ ዜና ስፖርት ኣብ ከተማ ዮተቦሪ

ኣብቲ ካብ 1970 ጀሚሩ በብእዋኑ እንዳ ዓበየ ዝመጽአ ዘሎ ዙር ዋንጫ ዮተቦሪ (Göteborg cup)ክልተ ኤርትራውያን ጋንታታት ቆልዑ ብኮሚቴ ስፖርት ዮተቦሪ ተመዝጊበን ድሮ ሎሚ ማዓልቲ ዕለት 13 ግንቦት 2010 ግጥማተን ጀሚረን ኣለዋ። እዚ ካብ ዕለት 13 ክሳብ 16 ግንቦት 2010 ዝካየድ ስፖርታዊ ውድድራት ካብ ሙሉእ ሽወደንን ካብ ካልኦ ሃገራት ስካንዲናቪያንን ዝመጹ ጋንታታት በብዕድሚኦም ዝሳተፉሉ ዓቢ ስፖርታዊ ቅነ ኮይኑ : ኮሚቴ ስፖርት ዮተቦሪ : ደቅና ኣብዚ ኣብ ከተማና ዝካየድ ስፖርታዊ ውድድራት ናይ ምስታፍ ዘሎ ተኽእሎ ብምፍታሽ :ዝግባእ ቀጥዕታት ብምምላእ ተሳታፍነቱ ብምርግጋጽ ንፋልማይ ጊዜ ኣብ ከምዚ ዝበለ ዓቢን ዕቱብን ዝኾነ ስፖርታዊ ዙራት  ሽወደን ምስታፍ ቦካሪ ምኺኑ: ብሽም እቶም ዝተባበሩናን ዝሰዕቡናን ማሕበራትን ወለድን ከምኡ እውን ኣፍቀርቲ ስፖርትን ዝተሰማዓና ሓጎስ መዘና ኣልቦ ምኻኑ ክንገልጽ እንከለና ክብ ሓበን ይስማዓና።

ነዚ ሓሳብ ዕዉት ንምግባር ዘይተሓለለ ጻዕሪ ብምግባር ዝጸዓሩ ተጻወትትን ኣለይቲ ጋንታታን ከምኡ እውን ወለድን : እቶም ብሙሉእ ርእሰ ተኣማንነት ክንስለፍ ጥራይ ዘይኮንናስ ክንዕወት ኢና ብምባል ቦኽሪ ኣባላት ሕርይቲ ጋንታ ኤርትራውያን ዮተቦሪ ዝኮኑ ስፖርታውያን ደቅና ብቕዓቶም ኣመስኪሮም ጸባ ኣስተዮሙና እዮም እሞ: ክብ ዝበለ ሞጎስ ይብጸሓዮም።

ናይ ሎሚ ዝዋዓለ ግጥማት ውጺቱ ከምዚ ኣብ ሰንጠረጅ ተዘርዚሩ ዘሎ ኮይኑ: 94 ዝተወልዱ ደቂ ተባዕትዮ ተጻወትትና ብዘርኣዩዎ መሳጢ ሜላ ኣጻዋውታን ብቕዓት ቴክኒክን ኣቃልቦ ብዙሓት ተዓዘብቲ ብምስሓብ ነቲ ስፖርታዊ ግጥማት እቲ ከባቢ ስሕቡቶም ዓይኒ ብዙሓት ማሪኹ። በዚ መሰረት ንመጋጥምቶም ብጸወታ ብልጫ ጸብለል ኢሎም ጀሚሮም ክሳብ ዝፍጽሙ ብስሙር ኣጻዋውታ ዛዚሞሞ። ነዚ ዝተዓዘቡ ብዙሓት ኣፍቀርቲ ስፖርት ንኣብ ከባቢኦም ዘጋጠሙዎም ኤርትራውያን ኣድናቖቶም ገሊጾሙሎም። ልዕሊ ኩሉ ተፈተውቲ ዝገበሮም ድማ ስፖርታዊ ጭዋነት ዝመልኦ ዲሲፕሊን ብምህላዎም ዝያዳ ተናኢዶም።

እተን 97/98 ዝተወልዳ ጋንታ ኣዋልድ ድማ ዓቕመን ዝፈቕዶ ሓርኮትኮት ይበላ ድኣ እምበር ከምቲ ዝድለ ኣይሰለጠንን። ይኹን እምበር በቲ  ሓሓሊፉ ዘርእዮኦ ዝነበራ ጸወታታት ተዓዚብካ: ብሓባር ዘይምልምማደን ብምንጽጻር እኹል እዩ የብለካ። ኑሓዋሩ ጉቡእ ስልጠናታት ተዋሂቡወን ጽቡቕ ከመጻ ዝኽእላ ብዙሓት ተጻወትቲ ከምዘለዋና ዘረጋገጽናሉ ጽቡቕ ኣጋጣሚ ምንባሩ ዓቢ ትምህርት ረኺብናሉ።

እዚ ግጥማት እዚ ክሳብ ቀዳም ዕለት 16 ግንቦት ዝቕጽል ኮይኑ : ኩሉኹም ኣብ ዮተቦሪን ከባቢኣን ዘለኹም ኣብ ቦታ ግጥም መጺእኩም ክትከታተልዎ እንዳ ኣዘኻኽርና : ኣብ ጎኒ ደቅና ደው ብምባል ዘድሊ ሞራላዊ ደገፍ ብምግባር ከተታባብዕዎም ምእንቲ ከጥዕመኩም ናይ ግጥማት መደባት ኣብዚ ታሓቲ ተዘርዚሩ  ስለዘሎ ምስ መደባትኩም ብምውህሃድ ኣብ ጎኒ ደቕና ደው በሉ።

ነቶም ካብ ሩሑቕ ኬንኩም ክትከታተሉ ትደልዩን ንዝያዳ ሙሉእ ሓበሬታ እትደልዩን ኣብ Goteborgcup.se ኣቲኹም ሙሉእ ሓበሬታ ክትረኽቡ ከምእትኽእሉ ነበስረኩም።

ሽማግለ ኮሚቴ ስፖርት ዮተቦሪ

ዓወት ንሓፋሽ!

| Nr | Hemmalag | Bortalag | Resultat | Dag | Tid | Spelplats |
|---|---|---|---|---|---|---|
| 05013 | Eritreanska IF | - Mossens BK | 6 - 2 | Torsdag | 11:00 | Kviberg 13 |
| 05014 | Ytterby IS 1 | - Rannebergens IF | 0 - 1 | Torsdag | 11:00 | Kviberg 14 |
| 05015 | Mossens BK | - Qviding FIF | 0 - 7 | Torsdag | 13:00 | Kviberg 15 |
| 05016 | Ytterby IS 1 | - Eritreanska IF | 2 - 1 | Torsdag | 13:00 | Kviberg 16 |
| 05017 | Rannebergens IF | - Qviding FIF | - | Fredag | 14:00 | Kviberg 14 |
| 05018 | Mossens BK | - Ytterby IS 1 | - | Fredag | 14:00 | Kviberg 15 |
| 05019 | Qviding FIF | - Eritreanska IF | - | Fredag | 16:00 | Kviberg 01 |
| 05020 | Rannebergens IF | - Mossens BK | - | Fredag | 16:00 | Kviberg 02 |
| 05021 | Qviding FIF | - Ytterby IS 1 | - | Lördag | 10:00 | Kviberg 13 |
| 05022 | Eritreanska IF | - Rannebergens IF | - | Lördag | 10:00 | Kviberg 14 |

| ***Nr*** | ***Hemmalag*** | ***Bortalag*** | ***Resultat*** | ***Dag*** | ***Tid*** | ***Spelplats*** |
|---|---|---|---|---|---|---|
| 23021 | Eritreanska IF | - Jitex BK | 0 - 7 | Torsdag | 12:00 | Kviberg 03 |
| 23022 | Sävedalens IF | - Landvetter IF | 3 - 0 | Torsdag | 12:00 | Kviberg 05 |
| 23023 | Jitex BK | - Lörenskogs IF | 4 - 0 | Torsdag | 14:00 | Kviberg 07 |
| 23024 | Sävedalens IF | - Eritreanska IF | 6 - 0 | Torsdag | 14:00 | Kviberg 08 |
| 23025 | Landvetter IF | - Lörenskogs IF | - | Fredag | 10:00 | Kviberg 07 |
| 23026 | Jitex BK | - Sävedalens IF | - | Fredag | 10:00 | Kviberg 08 |
| 23027 | Lörenskogs IF | - Eritreanska IF | - | Fredag | 12:00 | Kviberg 13 |
| 23028 | Landvetter IF | - Jitex BK | - | Fredag | 12:00 | Kviberg 14 |
| 23029 | Lörenskogs IF | - Sävedalens IF | - | Lördag | 10:00 | Kviberg 07 |
| 23030 | Eritreanska IF | - Landvetter IF | - | Lördag | 10:00 | Kviberg 08 |